
# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



## ዳንኤልን ኣብ በዓቲ ኣናብስ

ጸሓፊ ፡- Edward Hughes

ገላጺ ፡- Jonathan Hay

ኣወሃሃዲ፣ Mary-Anne S.

ተርጓሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ


ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣


ዳርዮስ ሓድሽ ንጉስ ባቢሎን ኮነ፡ በሊሕ ስለ ዝነበረ ድማ ኣብ ግዝኣቱ ዝሕግዙዎ ሚእትን ዕስራን ካብቶም ኣብ መንግስቱ ዝነበሩ ኣዝዮም ብሉጻት ሰባት ሓረየ፡ ድሕሪኡ ሰለስተ ካብኣቶም ሓለፍቲ ንኽኾኑ መረጸ፡ ዳንኤል ሓደ ኻብቶም ሰለስተ
ሰባት ነይሩ።



ንጉስ ዳርዮስ ንዳንኤል ኣዝዩ ስለ ዘኽብሮ፥ ኣብ ልዕሊ ምሉእ መንግስቱ ገዛኢ ክገብሮ ሓሰበ ነበሮ።



እቶም ካልኦት መራሕቲ ድማ በዘ ነገር ቀንኡ፡ ንዳንኤል ምስቲ ንጉስ ኣብ ጸገም ከእትውዎ ዝኽእል ኣብ ልዕሊ ዳንኤል ገለ በደል ክረኽቡ መደብ ኣውጽኡ።




እዞም መራሕቲ ብዙሕ ዋላ እንተጽዓሩ ኣብ ልዕሊ ዳንኤል ሕማቕ ነገር ክረኽቡ ኣይከኣሉን፡ ዳንኤል ነቲ ንጉስ ብኩሉ ነገሩ እሙን ነበረ፡ ብተውሳኺ ውን ጥንቁቕን በሊሕን ስለ ዝነበረ ኩሉ ዝገብሮ ኣብሊጹ ይገብሮ ነበረ።



እቶም ቀናኣት መራሕቲ ንዳንኤል ኣብ መጻወድያ ከእትውሉ ዝኽእሉ ሓደ መንገዲ ጥራይ ከምዘሎ ይፈልጡ ነበሩ፣ ንኣምላኽ እስራኤል ካብ ምምላኽ ዝዓግቶ ነገር ኣብ ምድሪ ከም ዘየለ ይፈልጡ ነበሩ።






ጸላእቲ ዳንኤል ሓደ መደብ
ሓሰቡ፡ ንጉስ ዝፍርሞ ሓድሽ
ኣዋጅ ኣውጽኡ፡ እቲ ኣዋጅ
ኩሉ ሰብ ናብ ንጉስ ዳርዮስ
ጥራይ ክጽሊ ከም ዘለዎ
ዝገልጽ ነበረ፡ ነዚ ዘይእዘዝ
ሰብ ናብ ጉድጓድ ኣናብስ
ከም ዝድርበ ድማ ይገልጽ።


ንጉስ ዳርዮስ ነቲ ሓድሽ ኣዋጅ ፈረመ።



እቲ ሓድሽ ኣዋጅ ንዳንኤል ዝኾነ ትርጉም ኣይሃቦን፡ ከምቲ ልማዱ ድማ ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ግዜ ኣብ ጥቓ ክፉት መስኮቱ ተንበርኪኹ ናብ ኣምላኽ ሰማይ ይጽሊ ነበረ።









እቶም ቀናኣት መራሕቲ
ንንጉስ ክነግርዎ ተጓየዩ፡
ንጉስ ዳርዮስ ንዳንኤል
ካብ ምእሳር ሓሊፉ ካልእ
ኣማራጺ ኣይነበሮን፡ እቲ
ሕጊ ከኽበሮ ኣለዎ፡
ዳንኤል ክመውት ኢዩ
ዝግብኦ እቲ ንጉስ ግን
ከድሕኖ ኣበርቲዑ ፈተነ
እቲ ኣዋጅ ዝቕይረሉ
መንገዲ ግን ክረክብ
ኣይከኣለን።

ዳንኤል ኣብ ጉድጓድ ኣናብስ ተደርብዩ ክመውት ተፈሪድዎ፡ ዳንኤል ናብቶም ዝጠመዩ ኣናብስ ቅድሚ ምድርባዩ ግን ንጉስ ዳርዮስ፡ እቲ ወትሩ እተገልግሎ ኣምላኽካ፡ ከናግፈካ እዩ በሎ''




ንጉስ በታ ለይቲ ኣይደቀሰን፡ ንጽባሒቱ ኣንጊሁ ናብ ጉድጓድ ኣናብስ ተመልሰ።






ንጉስ ዳርዮስ ድማ ዳንኤል ኣገልጋሊ ህያው ኣምላኽ፡ እቲ ወትሩ እተገልግሎ ኣምላኽካ፡ ካብ ኣናብስ ከድሕነካ ክኢሉ’ዶ፥ ኢሉ ጨደረ፡ ምናልባት መልሲ ኣይተጸበየን ይኸውን፡ ዳንኤል ግን መለሰ!

ዳንኤል ድማ ኦ ንጉስ ኣምላኸይ መልኣኹ ልኢኹ፡ ምእንቲ ኸይጐድኡኒ ኣፍ ኣናብስ ዓጸወለይ፡ ከምኡውን ዎ ንጉስ፡ ኣነ ኣብ ቅድሜኻ በደል ኣይገበርኩን'' ኢሉ ዓው ኢሉ ተዛረበ።



ንጉስ ዳርዮስ ድማ ኣዝዩ ተሓጐሰ! ንዳንኤል ካብቲ ጉድጓድ ክውጽእዎ ድማ ኣዘዞ።



እቲ ንጉስ ድማ ኣምላኽ ንዳንኤል
ከም ዘናገሮን ጸላእቲ ዳንኤል ግን
ጸላእቲ ኣምላኽ ምዃኖምን ፈለጠ፡
እቶም ነቲ ሕማቕ ኣዋጅ ክፍርም
ዘታለልዎ ኹሎም ድማ ናብ
ጉድጓድ ኣናብስ ክድርበዩ
ኣዘዘ፡ እቶ ኣናብስ
ድማ በልዕዎም።



ንጉስ ዳርዮስ፡ ኣምላኽ ሰማይ ነቲ እሙን ኣገልጋሊኡ ዳንኤል ከም ዝሓለዎ ዓለም ክትፈልጥ ደለየ። እቲ ንጉስ ኵሉ ሰብ ነቲ ህያው ኣምላኽ ኬምልኽ ዝእዝዝ ደብዳበ ጽሒፉ ነበረ። እቲ ንጉስ ድማ ንዳንኤል ናብ ክብርን መሪሕነትን መለሶ።



ዳንኤልን ኣብ በዓቲ ኣናብስ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዳንኤል 6

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16